# ኣበይ፡ ከመይ ከን ይህልው?

ሳድሳይ ክፋል ናይ ዝሓለፈ ተኸታታሊ ደብዳቤ ኣብዚ ይቕጽል . . .

ሕጂ ሕስብ እንተ ኣበልኩምስ፡ በቲ በቲ የሱስ ክርስቶስ መድሃኒ-ኣለም እብሎ፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ፡ ምእንቲ ኽጸድቕ ህርድግ እብል። . . . ከመይ ድኣ እዩ እቲ ነገሩ? ንሱ ኼድሕን ካብ መጸ፡ ኣነ ኸኣ ብግብረይ ኽጸድቕ ካብ ፈተንኩስ፡ ከመይ-ከመይ ድኣ እዩ . . . ?

. . . ከምቲ፡ እዛ እግዚኣብሄር ዘገባገበለይ ሓብቲ ዚበለቶ፡ ዝገበርኩ እንተ ገበርኩ፡ ፍጹም ሓጢኣት ዘይብለይ፡ ንጽህቲ ክኸውን ብፍጹም ዘይከኣል እዩ፡ ምፍታኑ'ውን ዕሽነት ምዃኑ ኣረጋጊጸ።

እቲ ዝነበረ ኹሉ ጻዕረይ ሽቶን ዕላማን፡ እዋኑ ኾይኑ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጸብጻብ ኪህብ ደው ምስ በልኩ፡ ግብረይ ዘበለ ኹሉ ድማ ኺምዘን ኣብ ቅድሚኡ ምስ ተገልጸ፣ ዝገበርኩዎ ጽቡቕ ግብርታት ካብቲ ዝፈጸመኩዎ ግናይ ግብርታት ንኺበዝሕ እዩ። ግና፡ ከምኡ'ውን እንተ ኾነስ ድሕሪ እቲ ምምዛነይ ሓጢኣት ዘይብላ ሰብዶ ይገብረኒ እዩ? ወዮ ድኣ ኣይተረድኣንን እምበር ከምኡ ኣብ ዚብል ብምእማነይሲ፡ ፈጺመ ሓጢኣት ዘይብላ ሰብ ክኸውን ከም ዘይክእል እፈልጥዶ ኣየለኹን ዚብል ሓሳባትን ሕቶታትን ኣብ ኣእምሮይ ተጻቓቒጡ፡ ዜጽምዎ ቃጭል ኰነኒ።

እሞ፡ ሓጢኣት ማለት ሓጢኣት ምዃኑ ብቐደሙ'ውን ተረዲኡኒ ዝነበረ ይመስል፡ ግና ኣየስተውዓልኩሉን። ብኸምዚ ዓይነት ዋጋ ዕዳጋ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ሓጢኣት ኪቖውም ዘይክእል ኣምላኽ፡ ጽቡቕ ግብረይ ካብ ሓጢኣተይ ስለ ዚበዝሕ ምስ ሓጢኣተይ ምስኡ ኼንብረኒ እዩ ኢለ ብምሕሳበይ ከኣ ሕጂ ኼሕፍረኒ ጀመረ።

በቲ ኻልእ ወገን ግና፡ እንቛዓነይ ከኣ ነዚ ኽይፈልጥኩ ኣይሞትኩ፡ ኢለስ ብህይወተይ ከለኹ ኣይፍርሂ ኣይሓጐስ ኰንኩ። ብዝኾነ ግና ኣምላኽ ነቲ ኽብደት እግዚኣብሄርነቱ ከመይ ኣፍኩስ ኣቢለ ከም ዝረኣኹዎ ኽስወጠኒ ጀመረ።

ግደ ሓቂ ኽዛረብ፡ እቲ መጀመርታ ብዛዕባ ናይ ሃይማኖት ጉዳይ ስለ ዝመሰለኒ ፍርሂ ነይሩኒ፤ ሕጂ ግና ኹሉ ኺበርሃለይ ጀመረ። ስለምንታይ ኣብ ምንታይ ከም ዝኾነ እኳ ብኡ-ብኡ እንተ ዘይሓሰብኩሉ ድማ ተስፋ ኽገብር ጀመርኩ፡ እቲ ፍርሂ ድማ እናተፈለጠኒ ካባይ ኪቕንጠጥ ጀመረ።

በዚ እምበኣር፡ እግዚኣብሄር ደጊፉኒ እዛ ብርኽቲ ዝበለቶን ትብሎ ዝነበረትን ኺስቈረኒ ጀመረ። እዝስ ከመይ ገይሩ ቀደም ዘይተረድኣኒ ክብል ድማ ነዛ ነፍሰይ ኣጨንቒ ኣበልኩዋ። ሓደ ሰብ ጻድቕ ንኺብሃል፡ ትንኣስ ትዕበ፡ ወይ

ትርአ ኣይትርአ ብዘየገድስ፡ ብፍጹም ሓጢኣት እትብሃል ነገር ዘይብሉ ኪኸውን ኣለዎ። "እዝስ ንምርድኡ ከመይ ኢሉ ከቢድ ይኸውን?" በልኩዋ።

ንሳ ድማ፡ "ሓብተይ፡ ከምኡ ኣይኰነን። እዚ ንምርድኡ ከቢድ ወይ ዘይከቢድ ብዛዕባ ምዃኑ ኣይኰነን። ኣነ'ውን ከምዚ እትብልዮ ዘሎኺ ክብል ከሎኹ ይዝከረኒ። ግና፡ ንብዙሕ ዓመታት፡ መዓልቲ-መዓልቲ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብዘይ ምቁራጽ፡ ዜንብብ ሰብ እውን እንተኾነ ብኽእለቱ ወይ ብዙሕ እዋን ስለ ዘንበቦ ዚርዳእ ዓይነት ኣይኰነን። ጽሑፍ ጥራይ ኣይኰነን፤ ብጽሑፍ ዚሰፈረ፡ ንዓና ድማ ዚተዋህበ ብስራት፡ ቃል ኣምላኽ፡ እዩ። መንፈስ ቅዱስ እንተ ዘይኣብሪሁልና ብኽእለትና ኽንርድኦ እንኽእል ዓይነት ኣይኰነን" በለትኒ።

ቀጺላ፡ "ሕጂ'ውን መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝገለጸልኪ ድኣ'ምበር እቲ ናይ ምርዳእኪ ክእለት ካብ ትማሊ ሎሚ ስለ ዝወሰኸ ኣይኰነን፡" ኢላ ብዛዕባ ናይ እቲ ስሉብ ኢትዮጵያዊ ነገረትኒ (ግብ 8፡26-40)። ።

ሓቃ እያ ምኽንያቱ፡ ኵሉ ብፍልይ ዚበለ መገዲ ኺርድኣንን ኪረኣየንን ጀመረ። ሕስብ እንተ ኣበልኩሉ ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚኡ ምስ ቀረብኩ፡ *'በሊ ገለ እኳ ኸየትረፍኪ ኵሉ ብዛዕባ ገዛእ ርእስኺ ንገርኒ እንተ ዚብለንስ ገለ እኳ ኸየጉደልኩ ኽነግሮዶ ምኸኣልኩ?'* ካብቲ ኣነ ነዛ ገዛእ ርእሰይ ዝፈልጣ፡ ንሱ ዚፈልጣዶ ኣይበልጽን? ተመሊሰ ኸኣስ፡ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢለስ፡ ብሓጢኣተይን ጽቡቕ ግብረይን ክጻባጸብ ኢለ ምሕሳበይሲ ምስ ምንታይ ይቑጸር? ኢለ መመሊሱ ኽተሓሳስበኒ ጀመረ።

ሕጂ እቲ ሕድገት ሓጢኣት ዚብሉዎ ትርጉም ከም ዘለዎ ፈሊጠዮ። ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፡ እሞ እቲ ምእንቲ ሓጢኣት ደቂ ሰባት ሓንሳእ ንዘለኣለም ዝሞተ ኣብ ክንዳይ'ውን ከም ዝሞተ ነቲ መስዋእቲ ሞቱ ብእምነት ምቕባል እንታይ ምዃኑ ኼስተውዕለሉ ጀመርኩ።

ብኡ-ብኡ ድማ፡ ኣብ ኣእምሮይ፡ የሱስ ክርስቶስ፡ ዚገበሮ ኽንጣብ እኳ ትኹን ገለ ጌጋ ዘይብሉ ኽነሱ፡ ኣብቲ ጨካን መስቀል፡ ሓዲግ-ምድሪ-ሓዲግ-ሰማይ ተሰቒሉ፡ ቕጅል ኢሉ ኣብ ቅድመይ ኽርኣየኒ ጀመረ። በዚ መጸ ኸይበልኩዎ ድማ ንብዓት ንገጸይ ሓጸቦ። ሕንቕንቕ ክብል ድማ ጀመርኩ፡ ደው ምባል ኣብዩኒ፡ ኽውሕጦ ኣይከኣልኩን።

ምቍጽጻሩ ስኢነ ኽሓብኦ ስለ ዘይከኣልኩ ኸኣ፡ እንታይ ደኣ እየ ኹይነ በልኩ። ብሓሳባተይ ዝበልኩዎ'ዩ መሲሉኒ ነይሩ እሞ፡ "ነቲ ብሩኽ፡ ረታዒ መንፈስ ቅዱስ ክትሰምዒ ጀሚርኪ ልብኺ ስለ ዝኸፈትክሉ እዩ" ምስ በለትኒ ግና ዓው ኢለ ከም ዝበልኩዎ ፈለጥኩ። ሽዑ ቀስ እናበለት ቅርብ ኢላ፡ ሓቝፈትኒ፣ ግና ኣብ ክንዲ ትምሲ መሊሱ ድኣ ገደደኒ።

"ተዛረብዮ" ኢላ ሕሹኽ በለትኒ። ቀጺላ፡ "እቲ ኣብ መስቀል ዝሞቶ፡ ኣብ ክንዳኺ እውን እዩ" ምስ በለት፡ "ንሱ እንድዩ ዜብክየኒ ዘሎ" በልኩ።

ትእብደኒ ዘላ ኽትመስል፡ ከምዛ ለዋህ ኣደ፡ ህድእ ኢላ፡ "ጽቡቕ፡ ምሕረቱ

ይህበኪ ኣሎ እሞ ተቐበልዮ። ኢዱ ዘርጊሑ፡ ሕቑፉ ኽፈቱ፡ ንዒ ናባይ፡ ኣነ ኼዕርፈኪ እየ እዩ ዚብለኪ ዘሎ፡ ኪድዮ፡ ተኣመኒ፡ ተነስሒ፡ ይቕሬታ ሕተቲ፡ ኵሉ ጾርኪ ናብኡ ደርብዮ፡ ካብ ሓጢኣት ቀደምን ሕጂን ዝመጽእን ድማ ብቕጽበት ከም ዚሓጸበኪ ኣሚንኪ ተቐበልዮ" በለትኒ። ብኡ-ብኡ ድማ ኽዛረቦ ጀመርኩ። ከምታ ህሞት እቲኣ ገይራ እትጥዕም ተሞኲረ ኣይፈልጥን።

ድሓር፡ ዝፈተንኩ እንተ ፈተንኩ፡ ብቓላት ኽገልጾ ዘይክእል፡ እዚ ዘይብሃል ሰላም ኣብ ልበይ ሰፈኑ ኣብ ልዕለይ ድማ ፈሲሱ፡ ሕጂ ተሓጺበ ከም ዝወጻእኩ ፍኹስ በለኒ። ፍርሂ ዚብሃል ካባይ ነፈጸ። ሸዑ-ንሸዑ ድማ ናብኡ ክኸይድ ደሌኹ። ግና ቤተ-ሰበይ፡ ኣሕዋተይ፡ ኣሓተይ፡ ኵሎም ሰበይ ከምኡ እውን ዝፈልጦም ኣረ ኵሎም ሰባት፡ ኽተሓሳሰቡኒ ጀመሩ። ንኹሎም ከኣ ኽነግሮም ደሌኹ።

> "እቲ ኣብ ጸልማት ዚመላለስ ህዝቢ ዓብዪ ብርሃን ረኣየ፡ ነቶም ኣብ ምድሪ ድነ ሞት ዚነብሩ'ውን ብርሃን ኣብርሃሎም" *(ኢሳ 9፡2)፡*

ገጸይ ብፈገገታ ተሰሊሙ፣ ኣፈይ ከኣ ብፍሽኽታ መሊኡ፣ ልበይ ብሓጐስ ተፈንጪሑ፡ ብዝርአ መገዲ፡ ፈጺመ ሓዳስ ሰብ ኰንኩ። ንዘይፈልጠኒ ዝተጸለለት ክመስል ድማ ክርትም ኢለ ሰሓቕኩ። ንሳ ኽኣ ህድእ ኢላ ኽተመስግን ሰማዕኩዋ። እናመርሓትኒ ድማ መዝሙር ምስጋና ኽዝምር ጀመርኩ።

ዝፈልጦ መዛሙር ስለ ዘይነበረኒ፡ ኣብ መዝሙር ዳዊት ከፊተ ዝረኸብኩዎ ጥቕስታት፡ ባዕለይ እናቓኔኹ ኣብ ዝኸድኩዎ ክዝምሮ ጀመርኩ።

እዛ ብርኽቲ ሓብቲ ኽኣ መመሊሰ ፈተኹዋ፡ ኣብ ልበይ ድማ በቘለት። ብዘይክኣ ካልእ ሓብቲ ዘይብለይ ኰይኑ ኽኣ ተሰምዓኒ።

ድሕሪ ቑሩብ እዋናት፡ ተልእኾ ስራሕና ወዲእና ኣብቲ ቦታና ተመለስና። ብደገ እቲ ኵነታት ናብራይ ዘርእዮ ለውጢ ኣይነበረን፤ እኳ ድኣ መሊሱ ብኢሱ። ተጐዲአ፡ ክሳዕ ሞት ኣብ ዝጣራዓሉ ኵነታት እኳ ድኣ በጻሕኩ።

እታ ሓብቲ ብስራሕ ኣብ ካልእ ቦታ ስለ ዝተመደበት፡ ካብቲ ኸይድናዮ ዝነበረና መገሻ ምስ ተመልስና ክልተ ሰሙን ኸይጸንሐት ኢና ተፈላሊና። ብዝኾነ፡ እቲ ዝነበረኒ መጕዳእቲ ብዘይገድስ፡ ብኽርድኦ ዘይከኣልኩ ተኣምር ሰረርኩ።

ኣብ ደገፍ ሕክምና ክረኽበሉ ዝኽእል ቦታ ኾይነ ድማ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ምስጋና ኣቕረብኩ። ኣብቲ ሕክምና ከሎኹ፡ ምስ ክልተ ሰባት ግርም ዕርክነት ጀሚርና ድማ፡ ብዛዕባ ዝገጠመኒ ዘበለ ኵሉ ኣካፈልኩዎም።

ከምዛ ንኣፍ ጉድጓድ ሞት ትክንፍ ኣቢለያ ዘይተመለስኩ ድማ ሓውየ ካብቲ ቤት ሕክምና ተፋንየ ወጻእኩ። ኣብ ደገ ክልተ ሰባት ጸኒሖም፡ ርእይ ምስ ኣበሉኒ ንዓይ ይጽበዩ ከም ዝነበሩ ነገሩኒ። እቲ ኹነታቶም ኵሉ ብፍጹም ባህ ኣይበለንን፡ ግና ካልእ ምርጫ ስለ ዘይነበረኒ ምስኦም ክኸይድ ናይ ግድን ኰይኑ፡ ተኣዘዝኩ። ንሶም ይኹን ኣነ ገለ ኸይበልና ድማ መገድና ቀጸልና።